# በዓል ሓደ ልቦም ሓደ ልባ
# ንኹሉ ኣሜን ብጨብጨባ

ብተስፋማርያም ወ/ጊዮርጊስ ኖርወይ

**16/12/07**

ጠላማት ብዓል ሓደ ልቦም ሓደ ልባ
ኣደታቶም እናነብዓ ደም እናተሓልባ
ዕጅብ ከይበሎም ናይ ወለዶም ጸበባ
ንኹሉ ኣሜን እሺ ሕራይ ብጨብጨባ

ዘይወግሕ መሲልዎም ብሓሶት ዝሰኸሩ
ነብዩ ህግደፍ ዝመልመሎም ንኸዕገርግሩ
ኣንጻር ህዝቦም ክምክቱ ከሕጽርዎ ዕምሩ
ንጥፍኣት ዝጓየዩ ብዘይ ሕቶ ከይተመራመሩ

ክንዋጋእ እንተበሉ ደም ክሪኡ ዘጣቕዑ
ተሰዊኦምና ከሲርና እንተበሉ ዘጣቕዑ
ኣሕዋትኩም ረሺና እንተበልዎም ዘጣቕዑ
ምሁራት ኣሕቒቕና እንተበልዎም ዘጣቕዑ

ንጀጋኑ ሃገር ዘረከቡ ኣሲርና ተበሉ ዘጣቕዑ
ጻጻሳት ቀንጢጥና እንተበሉ ከይሓነኹ ዘጣቕዑ
ንደም ህዝብና ዝመጺ ዘሎ ዘመጉሱ ዘጣቕዑ
ገሪሙናሎ ደቂ ስሳ ሰብዓ ን.ህግደፍ ከተጣቕዑ
ብደቂ ደቆም ተታሊሎም ብዘይ ረብሓ ቆልዑ

ህግደፋውያን ካብ ቁመቶም መልሓሶም ዝዓቢ
ክተት ብኣካል ተዝባሃል ምመረጽኩም እምቢ
ዘለቕመለቕ ምበልኩም ኣነስባ ደቀይ ከዕቢ
ካልኦትከ? ተልካስ ነይረድዩ ይደርበዩ ከም ከልቢ

መጹ ድማ ሓደስቲ ዶክቶራት መጸለሊኦም ዝተማህሩ
ህግደፍ ዝዓደጎም ሽዩጣት ድኹማት ደሞም ዝቐየሩ
ዕላሞኦም ዘይንጹር ጸረ ቃልሲ ኤርትራ ዝነበሩ
ዑደቶም ጀሚሮም ንጥፋኣት ሃገር ብቐናን ከበስሩ
በሪቕሎም ቀዳድ መስሎኺ ረኺቦም ከዳናግሩ

ምስ ደርጊ ተሻሪኾም ንቓልስና ዘናኣኣሱ ዘቋሸሹ
ዶክቶራት ባሃልቲ ናይ ጸሊም ታሪኽ ካባ ዝለበሱ
ንዓና መሲሎም ሃገርን ህዝብን ከጽንቱ ዝተበገሱ
ካብዚኦምስ ኣብ ሕቕፊኹም ዘለዉ ቅንጅት ይሕሹ

## ዓወት ንጭኩን ህዝብና